ህዝባዊ መኸተ- ንሰላም ፡ ልኡላውነት ፡ ልምዓት

# ተራ ተቐማጠ ከተማ ከለን ኣብቲ ብደረጃ ጀርመን ብዕለት 27.04.2012 ኣብ ከተማ በርሊን ዝተኻየደ ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ

ኤርትራውያን ተቐማጠ ከለንን ከባቢኣን እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ድሙቕን ዕዉትን ንኽኸውን ዓቢ ተራ ዝነበሮም ኮይኖም፡ ካብ መጀመርያ ኣትሒዞም ንጻውዒት ናይታ ዝለኣኹዋ ሽማግለ (ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ከለን) ብዓቢ ተገዳስነት ተቐቢሎም ብብሩህ ገጽ ንካብኣቶም ዝተሓተተ ኩሉ ስለዘሰላሰሉ እዩ። ሽ.ህ.መኸተ ከለን፡ ካብ ሽ.ህ.መ.ጀርመን ብዛዕባቲ መደብ ሓበሬታ ምስ በጽሓ፡ ንኹሎም ሽማግለታት ማሕበራውያን ሓይልታት ከለን ብምዕዳም ሓሳባት ብምልውዋጥን ናይ ስራሕ ምክፍፋልያ ነቲ መደብ ጀሚራቶ። እቲ ሓበሬታ ብኢ-መይል፡ ብኢንተርነት ከምኡውን ብወረቐት ናብ ብዙሕ ኣብ ከባቢና ዝነብር ሃገራዊ ምስ በጽሐ ኩሉ ሰብ ነቲ ሓበሬታ ናይ ምዝርጋሕ ጉዳይ ባዕሉዩ ተታሓሒዝዎ። ኣብቲ፡ ኩሉ ሃገራዊ መጺኡ ንክፍርም ክምዝገብን ክመያየጥን ተባሂሉ ዝተዳለወ <u>- መዓልቲ ወፈራ -</u> ድማ ብዙሓት ሃነጽቲን ሓገዝቲን ሓሳባት ቀሪቦም እዮም።

ዕላማ ናይቲ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ዝሰፍን ንኤርትራን ህዝባን ብምእጋድ ዘይኮነስ እቲ ዝፈሸለ ምትእትታው ኣመሪካን ኢትዮጵያን ደው ብምባል ስለዝኾነ፡ ንፖሊሲ መንግስትና ብምድጋፍ ኣብ ጎኑ ደው ኢልና ምህላውና ንህዝቢ ዓለምን ንህዝቢን መንግስቲን ጀርመን ብምሕባር እዚ ዝሰዕብ ጠለባት ንምቕራብ እዩ ኔሩ።

- ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንምግባር ዝቐረቡ መርትዖታት ኩሎም ሓሶት ኮይኖም ስለዝተረኽቡ፡ እቲ እገዳ ብቕጽበት ንኽልዓል መንግስቲ ጀርመን ብፍላይ ድማ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዝከኣሎ ንኽገብር።
- መ/ጀርመን ካብ ሻርነት ነጻ ኮይና፡ ናይ ምጽቃጥ ፖሊሲኣ ደው ብምባል ንሽፍትነታዊ መጥቃዕቲ ወያኔ ንኽትኩንን።
- መ/ጀርመን እቲ ንዓሌታዊ ስርዓት ወያኔ እትህቦ ሓገዛት መድቀሲ ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ይውዕል ስለዘሎ ደው ከተብሎ።
- ኢትዮጵያ ንኩሉ ሕግታት ዓለም ጥሒሳ ሒዛቶ ካብ ዘላ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ንኽትወጽእ መንግስቲ ጀርመን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ጸቕጥን ካልእ ዝከኣሎን ንኽገብር።
- ኤርትራውያንን ኤርትሮ-ጀርመናውያንን 2% ብምብርካት ንናይ መቦቐል ሃገሮም ምሕጋዝ ዘለዎም መሰል ንኽሕሎ።

ተቐማጠ ከለን ነዚ ዕውት ንምግባር ክታማት (ፊርማታት) መኣከቢ ፎርም ሒዞም ርእሰ ምትእምማን ብዘለዎ ኣገባብ ናብ ፈለጥቶም ብምቕራብ፡ ገለ ካባናሞ ናብ ኩሎም መሳርሕቶም ብምቕራብ እዮም ነቲ ክታማት ኣኪቦሞ። ብሓጺሩ ኩሉ ሰብ በብክእለቱ ኮፒ ዝገብር ጭርሖ ዝጽሕፍ ጭርሖ ዝልጥፍ ወዘተ ብዘይ ገለ ድፍኢት፡ ልሙጽ ብዝኾነ ኣገባብ እዩ ተኻፊሉ። ብዙሓት ካብቶም ብስራሕ ኮነ ካልእ ጸገማት ንበርሊን ክኸዱ/ዳ ዘይከኣሉ ሓገዝ ንመጎዓዓዝያ ብምኽፋል (ገና ብሕጂ ዝኸፍሉውን ክህልዉ እዮም) ከተባብዑና ከለዉ፡ ባዕለን ክኸዳ ዘይከኣላ ጀጋኑና ድማ ኣብ መንገዲ ንኸይንጠሚን ሓይሊ ንኽንረክብን ኣኺሉ ዝተርፍ መግቢ ብምስናቕ ኣተባቢዔናና።

ከለን እምበኣር 641 ክታማት ንዝምልከቶ ኣካል ድሕሪ ምርካባ፡ በቶም 56 (3 ካብ ክረፈልድ 3 ካብ ሞ/ግላድባኽ 1 ካብ ዱዘልዶርፍ ዝርከብዎም) ብሓባር ዝተጉዕዙ ተወኪላ 16 ዝከውን ጭርሖታት 4 ባንዴራታት ኣምሪሓ ብሞጉልሕ ድምጺ ጭርሖታታ ብምድማጽ ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ከተድምቖ ከላ፡ ኣብ ምሕላው ጸጥታን ስነስርዓትን ከምኡውን ብመንእሰያትና ጌራ ንኹሉ ተዓዛባይ፡ እቲ ናይ ሓበሬት ወረቐት (ፍላየር) ኣብ ምዝርጋሕ ዓቢ ተራ ኔርዋ።

ኣብ ምድላው ናይቲ መደብ ሰላማዊ ሰልፊውን ምስ ሽማግለ ህ.መ.ጀርመን ሓሳብ ንሓሳብ ትለዋወጥ ስለዝነበረት እቲ ብከለን ተዳልዩ ከም ሓሳብ ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ንኽዝርጋሕ ዝቐረበ በራሪ ወረቐት (Flyer) ብሽ.ህ.መ.ጀርመን ጽቡቕ ኮይኑ ስለዝተረኽበ (ቁሩብ ለውጢ ድሕሪ ብምግባር) ተሓቲሙ ንኽዝርጋሕ ምግባሩ ነቲ እታ ሽማግለ ዝነበራ ጻዕቂ ስራሕ ኣብ ምቕላል ተራ ኔርዋ ክብሃል ዝከእል እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ ህ.መ.ከለንን ከባቢኣን ከለን 29.04.2012